መዋዕለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ሳይንስ፡ ኣብ ገዛ ምምሃር

## ሳይንስ ኣብ ኣትኽልቲ ቦታ

### ብማይ ጸወታ

- ብዛዕባ ማይ ካበይ ከምዝመጽእን ናበይ ከምዝኸይድን ውላድኻ ክሓስበሉ ግበር። ብሰሜንቶ ዝተለጠፈ ባይታ ክስዕሉ ወይኻዓ ማይ ክነጽጉ ብምግባርን እቲ ማይ ክሳብ ዝጠፍእ ብምጽባይ ንዘለዎም ሓሳብ መርመራ ግበር። ናይ መሕጸቢን መንቐጺ ክንደየናይ ጥልቁይ ከምዝኾነ ምዝርራብ።
- ማኪና ሕጸብ። ካብ ማይ ቱቦ ዝወጽእ ሓይሊ ውላድኻ ሓሰስ ብምባል ክፈልጦ ግበር። ብሳሙና ዓፍራ ስራሕ። ሕቶታት ሕተት ከም: ማይን ጐሓፍ ርስሓት ናበይ ይኸይድ?
- ንናይ ኢድ ሽጐማኖ ሓዲኡ ጫፍ ናብ ማይ ውሽጢ ምግባር ካልኣይ ጫፍ በቲ ባይታ ግደፎ። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቒቓ ኣብ ሽሓኒ ውሽጢ ዘሎ ናይቲ ማይ ዓቐን መጠን ርኣይን በዚ ዝስዕብ ዘኣመሰለ ሕቶታት ንውላድኻ ሕተት: ኣብቲ ሽሓነ ውሽጢ ክንደይ ዝኸውን ማይ ተሪፉ? ከምኡ‘ውን ንምንታይ እዩ ከምቲ ኾይኑ?

### ብርስሓትን ብሑጻ ጉድጓድ ጸወታ

- ኣረጊት ናይ ክሽና ኣቕሑት ማለት ከምመዝቀኂ መንፊት፣ ማንኪያ፣ መንቀኅርቁሪ፣ ፕላስቲክ መትሓዚ፣ መመገቢ መሳርሒታትን ኣብ ሑጻን ጐሓፍ ንምኹዓት ናይ ኣትኽልቲ መሳርሒታት ተጠቐም።
- ሓመድ መጓዓዓዚ ባምቡላታት ከም ትራክተራት፣ ፕላስቲክ ቧንቧ ካብ እንጸይቲ ብምቁራጽ ብዛዕባ ፈጠራዊ ኢንጂነሪንግ ጸወታ የተባብዕ እዩ። ውላድኻ ኣብ ከተማ መንገዲን ሕንጻ ከምኡ’ውን ቢንቶ ድንዲላትን ከም ሓጹር ቤተመንግስቲ ዘገልግል ጉድጓድ ማይ ንምስራሕ ሓግዞ። ንሕንጻ መስርሒ ዝኸውን ዝተፍጠፈ ጭቃ ምሕዋስን ጭቃ ጡባት ስራሕ።
- ብመንቆርቆሪን ቧንቧ ጌርካ ሑጻ ብምስራሕ ናብ መዕቐቢ ኮንቴነር ምላእ።

### ብዓፍራ ጸወታ

- ነዚ ዘድልየኻ ናይ ሳሙና ሕዋስ (ንዓይኒ ዘየቓጽል) ከምኡ’ውን ንዓፍራ ዝኸውን ሓጺር በትሪ እዩ! ካብ መጽረዪ ቱቦታት ዝተፈላለየ ቅርጺ ዘለዎ ሓጺር በትሪ ክስራሕ ትኽእል። ነቶም ዓፍራታት ንምሃዝ ፈትን። ሕቶታት ሕተት ከም: ነቶም ዓፍራታት ክንሳፈፍ ዝገብሮ እንታይ እዩ? ከምኡ’ውን ነቶም ዓፍራታት ክነትጉ ዝገብሮም እንታይ እዩ?
- ውላድኻ ነቶም ዓፍራታት ኣብ ኣየር ክደይ ግዘ ከምዘጽንሖም ርኣይ።
- ውላድኻ ነቶም ዓፍራታት ብኢዶም ክሰርሑ ግበር እዚ’ውን ናብ ዓፍራ መሕወሲ ብምግባር፤ ብኣጻዕብቶም ጌሮም ንእሽቶ ክቢ ቅርጺ ዘለዎ ብምስራሕ ብድሕሪኡ በቲ ቀለበት ዝመስል ውሽጢ ምንፋሕ እዩ።
- በቲ ዓፍራ መሕወሲ ዘሎ ናብ ፕላስቲክ ወረቐቲ ምቅዳሕ ውላድኻ ነቲ ዓፍራ ሕዋስ ኣብ ከባቢ ንክንቀሳቀስ ብመምጻጺ ቱቦ ጌሩ ኡፍ ምባል። ክንደይ ዓፍራታት ምስራሕ ከምዝኻኣሉ ርኣይ። ኣብ ዓፍራታት ውሽጢ ዓፍራ ንምስራሕ ፈትን።



Department of Education

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓፊ ጽሑፍ ወረቐት
ኣብ ዌብሳይት education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015